**Erziehungsdirektion des Kantons Bern**

Amt für Kindergarten, Volksschule und Beratung

**Direction de l'instruction publique du canton de Berne**

Office de l’enseignement préscolaire et obligatoire, du conseil et de l’orientation

# ኣብ ካንቶን በርን ቤት ትምህርቲ

## ሓበሬታ ንወለዲ

ፈረንሳይኛ ዝዝረቦ ክፍሊ ካንቶን



**Tigrigna**

ዝኸበርኩም ወለዲ

ኣብተን ናይ መጀመርታ እዋን ትምህርቲ፣ መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ብቐጻምነት ደረጃ ትሕዝቶ ህይወት እየን ዝኾና። ቆልዑ ኣብዚ ዕድሜኦም ምስ ኣዋልድን ኣወዳትን ደቂ ክፍለም ብሓንሳብ ዝፈጠርዎ ማሕበረሰብ ዓቢ ተራ ዝጻወተሉ ዘደንቕ ዓለም እዮም ዝኣትው።

ናይ ቆልዓ ቅሳነት፣ ምስ መምሃራን ዘለዎ ርክብን፣ ስድራ ቆልዓ ንቤት ትምህርቲ ዘለዎም እምነትን፣ ንዓይ ኩሉ ጊዜ ቀዳምነት ዘለዎን ኣገዳስን እዩ። ኣብ ሞንጎ ቤት ትምህርት ወለድን ዘሎ፣ ቀጻልነት ዘለዎን ንመጻኢ ዝዓለመን ሓባራዊ ስራሕ፣ ንናይ ቆልዓ ትምህርታዊ ዕብየት መሰረቱ እዩ። እዚ ስንያት ዘለዎ ሓባራዊ ስራሕ ድልየት ልበይ እዩ።



በርንድሃርድ ፑልቨር, ኣመሓዳሪ ቤት ትምህርትታት

ከም መጠን ወለዲ፣ እዚ ዕላማ ተግባራዊ ንኽኸዉን ብጣዕሚ ብዙሕ ዝኾነ ኣወንታዊ እጃም ከተበርክቱን ንቖጻሊ ትምህርታዊ ህይወት ቆልዑኹም ብጥንቃቐን ብደገፍን ከተሰንይዎም ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዛ ጽሕፍቲ፣ እተን ንዓኹም ንናትና ናይ ቤት ትምህርቲ ኣሰራርሓ ከመይ ከም ዝኾነ ንኽትፍልጡ ክሕግዛኹም ዝኽእላ ሓበሬታታት ኣስፊርናየን ኣለና።

ኣብዚ ብዉሑዱ ነዘን ዝቕጽላ ሕቶታትኩም መልሲ ትረኽቡ።

- መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትታትን ከመይ እየን ተሃኒጸን?

- ካብ ስድራ እንታይ ትጽቢት ኣሎ?

- ቆልዓይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅሳነት ንኽስምዖን ጽቡቕ ንኽመሃርን እንታይ ክገብር እኽእል?

መምሃራን ደቅኹምን ሓለፍቲ ቤት ትምህርትን ብቐጻልነት ሓበሬታታት ንኽህቡኹም ቅሩባት እዮም። ንናትና ናይ ኢንተርኔት ኣድራሻ እዉን ኣስተውዕልዋ። www.erz.be.ch, እዛ ናይ ኢንተርኔት ኣድራሻ ናይ መንበሪኹም ማሕበር ዓድን ናይ ቆልዓኹም ቤት ትምህርትን እያ።

ንቆልዓኹምን ንዓኹምን እውን ከም መጠን ወለዲ ጽቡቕ እዋናት መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ንምነየልኩም።



በርንድሃርድ ፑልቨር፣ ናይ ካንቶን በርን
ኣመሓዳሪ ቤት ትምህርትታት

# ትሕዝቶ


**1 እቲ ኣገዳሲ ብሓጺሩ ...... 3**
ሓፈሻዊ ...... 3
ዓመት ትምህርትን ዕረፍትን ...... 3
ሰሌዳ ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ ...... 3
መዓልታዊ ቤት ትምህርቲ ...... 4
ዕዮ ገዛ ...... 4
ኣወሃህባ ነጥቢ ...... 4
ካብ ትምህርቲ ምብኳርን ምዕራፍን ...... 4
ተወሳኺ ትምህርትን ምድላዋት ጊዜ ዕረፍትን ...... 5
ጥዕና ...... 5

**2 ቤት ትምህርቲ ...... 6**
ዕላማን ኣገባብ ስርሓትን ...... 6
መዋእለ ሕጻናት(1-ይን 2-ይን ክፍሊ) ...... 6
ቀዳማይ ደረጃ (ካብ 3-ይ — 8-ይ ክፍሊ) ...... 6
ካብ ቀዳማይ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ምስጋር ...... 7
ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ (ካብ 9-ይ — 11 ክፍሊ) ...... 7
ሓደሽቲ ዝመጹ ቆልዑን መንእሰያትን ...... 8

**3 ድሕሪ ቤት ትምህርቲ ...... 9**
ዕድላት ትምህርቲ ...... 9
መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ (ስልጠና ሙያ) ...... 9
ማኣከላይ ቤት ትምህርቲ ...... 9
ኣማራጺ መፍትሒታት ...... 9
ተወሳኺ ሓበሬታ ...... 9

**4 ወለድን ቤት ትምህርትን ...... 10**
ሓባራዊ ስራሕ ...... 10
ነንሕድሕድካ ምሕባር ...... 10
ትርጉም ...... 10
ኣገደስቲ ዉሳነታት ...... 10
ተሳታፍነት ...... 10

**5 ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሸግር ኩነታት ...... 11**
ዘሸግር ኩነታት እንተተፈጥረ ዝግበር ነገር ...... 11
ናይ ዲሲፕሊን ጉድለት እንተጋጠመ ዝዉሰድ ስጉምቲ ...... 11

**6 ኣብ ኣተዓባብያ ቆልዓ ዘሸግር ኩነታት ...... 11**
ናይ ሰብ ሙያ ምኽሪ ...... 11

**7 ከም መጠን ወለዲ ንዓወት ትምህርቲተበርክትዎ ...... 12**
ምርኣይ ተገዳስነት ...... 12
ሓቦ ምሃብን ምድጋፍን ...... 12
ቋንቋን ዉልቃዊ ተሞክሮን ምሕብሓብ ...... 12
ምስ ሓደሽቲ ስነ ሜዲያ ዘሎ ርክብ ምዉሳን ...... 12

**8 ማህደረ ቃላት ...... 14**


**መተሓሳሰቢ**

ኣብ ካንቶን በርን ጀርመንኛን ፈረንሳይኛን ዝዛረባ ክልተ ክፍሊ ካንቶናት ኣለዋ። ኣብዛ ጽሕፍቲ ዘሎ ሐበሬታ ነታ ቋንቋ ፈረንሳይኛ ዝዝረበላ ክፍሊ ካንቶን ዝምልከት እዩ። እተን ኣገደስቲ ዝኾና ዝውቱራት ቃላት ብፈረንሳይኛ ብቐጠልያ ጽሑፍ ተጻሒፈን ይርኣያ እየን።

# 1 እቲ ኣገዳሲ ብሓጺሩ

## ሓፈሻዊ

*Allgemeines / Généralités*

- እቲ ግቡእ እዋን ትምህርቲ ዓሰርተ ሓደ ዓመት እዩ ዝወስድ። ዕድመ መጀመሪ ትምህርቲ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ኣርባዕተ ዓመት እዩ። ድሕሪ እቲ ግቡእ እዋን ትምህርቲ፣ መንእሰያት ካብ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት ዝወስድ ናይ ሙያ ትምህርቲ ወይ ከኣ ማእከላይ ትምህርቲ ዝብሃል ቀጻላይ ትምህርቲ ይምሃሩ።

| | | |
|---|---|---|
| | **ካልኣይ ደረጃ**<br>*Degré secondaire II*<br>ትምህርቲ ሙያ ወይ ማእከላይ ትምህርቲ | 2-4 ዓመታት |
| □□ □□□□□ *Ecole obligatoire* | **ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ (ካብ 9-ይ ክሳብ 11 ክፍሊ)**<br>*Degré secondaire I*<br>ግቡእ<br>- ክልተ ክሳብ ሰለስተ ዝተፈላለየ ክብደት ዘለወን ጨንፈራት ትምህርቲ ምምሃር<br>- ምቅርራብ ምርጫ ሙያ | 3 ዓመታት |
| | **ቀዳማይ ደርጃ(ካብ 3-ይ ክሳብ 8-ይ ክፍሊ)**<br>*Degré primaire*<br>ግቡእ<br>- ኣብ 8-ይን ክፍሊ ንጥፈታት ምስጋር: ምምዳብ ናብ ዝተፈላለያ ክብደት ዘለወን ጨንፈራት ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ። | 6 ዓመታት |
| | **መዋእለ ሕጻናት (1. ይን 2-ይን ክፍሊ)**<br>*Ecole enfantine*<br>ግቡእ፣ ምጅማር 4-ይ ዓመት ምስ መልኤ | 2 ዓመታት |

- ኩሎም ቆልዑን መንእሰያትን ኣብቲ ዝነብርዎ ዓዲ፣ መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ብነጻ ናይ ምምህር መሰል ኣለዎም። እቲ ማሕበር መንበሪ ዓዲ ንትመሃሮ መጻሕፍትን ናውቲ ትምህርትን ብነጻ ይህቦም።

- ኣዋልድን ኣወዳትን ብመሰረቱ ብሓንስብ እዮም ዝመሃሩ። ንኽሊቲኡ ጾታታት ሓደ ዓይነት ዕላማ ትምህርቲ እዩ ዘሎ።

- መዋእለ ሕጻናትን ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርትን ፍልልይ ሃይማኖት የብለንን። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ነቲ ካብ ናቱ ሃይማኖትን ኣተሓሳስባን ንዝፍለ ምእንቲ ኽኽብር ተባሂሉ ተምሃሮ ንዝተፈላለያ ሃይማኖታት ይማየጡለን እዮም። እዚ ማሕበረሰብ ብክርስትና ሃይማኖት ዝዕብለል ስለዝኾነ፣ ናይ ክርስትና ልማዳትን በዓላትን ከምኒ በዓል ልደት ኣብ ቤት ትምህርቲ ቦትኤን ዝተሓለወ እዩ። ነጻነት ሃይማኖት ናይ ኩሎም ቆልዑን መንእሰያትን ከምኡውን ናይ ስድራቤቶም ዝተሓለወ እዩ።

– ኣብ ጎኒ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ ግላዊ ቤት ትምህርታት እዉን ኣለዋ። እዘን ቤት ትምህርትታት ገንዘብ የኽፍላ እየን ብተወሳኺ ኸኣ ናይ ካንቶን ምምሕዳር ቤት ትምህርትታት  ፍቓድ የድልየን እዩ።

- ናይ ኣካልን ኣእምሮት ጉድለት ዘለዎም ቆልዑን መንእሰያትን እንተ ተኻኢሉ ንመዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ይኸዱ እዮም፣ ወይ ከኣ ዓቕሞምን መጠኖምን ናብ ዝሓለወ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ። ብዛዕባ ዝመጣጠን ቤት ትምህርቲ (ዕድሜኦም ካብ ኣርባዕተ ዓመት ንታሕቲ ንዝኾኑ ቆልዑዉን እንተኾነ) ኣብ መንበሪ ዞባኹም ዝርከብ  ናይ ካንቶናዊ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ኣተዓባብያ ክትረኽቡ ትኽእሉ። www.erz.be.ch/spe.

## ዓመት ትምህርትን ዕረፍትን

*Année scolaire et vacances*

ዓመት ትምህርቲ ኣብ ማእከል ወርሒ ነሓሰ ተጀሚሩ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ሓምለ ኸኣ ይዉዳእ። ቆልዑን መንእሰያትን ኣብ ዓመት 38 ወይ ድማ 39 ሰሙናት ይምሃሩ። ጊዜ ዕረፍቲ ኣብ ዝተፈላለያ ዕለታት እዋን ዓመት ትመህርቲ እየን ዝዉዕላ።

**በዓል ኣየት** ወርሒ መስከረምን ጥቅምትን፣ ክልተ ሰሙን

**በዓል ክረምቲ**  ወርሒ ታሕሳስን ጥርን: ክልተ ሰሙን

**በዓል ስፖርት**: ሓደ ሰሙን

**በዓል ቀውዒ** ወርሒ ሚያዝያ: ክልተ ሰሙን

**በዓል ሓጋይ** ሓምለን ነሓሰን: ሹዱሽተ ሰሙን

ዝተረጋገጸ ዕለታት ዕረፍቲ ካብ ማሕበር ዓድኹም ትረኽቡ ኢኹም።

## ሰሌዳ ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ

*Horaires*

እዋን ትምህርቲ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ እዩ። ሓደ ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ 45 ደቓይቕ እዩ ምንዉሑ። ቅድሚ ቀትሪ መጀመሪኤንን መወዳእትኤንን ማዕረ ዝኾና ብዉሑደን ኣርባዕተ ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ ኣለዋ (ጽምዲ ክፍለ ጊዜ)። ናይ ድሕሪ ቀትሪ ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ ዝተፈላለየ እዩ(ካብ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ክፍለ ጊዜ)። ከከም ክፍሊ ካብ ሓደ ክሳብ ኣርባዕተ መዓልቲ ድሕሪ ቀትሪ ካብ ትምህርቲ ነጻ እየን። ረቡዕ ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ የለን። ናይቲ ዝስዕብ ዓመት ሰሌዳ ክፍለ ጊዜ ቆልዓኹም ኣብ ቤት ትምህርቲ ይወሃብ እዩ።

ከምቲ ኣብ ሰሌዳ ክፍለ ጊዜ ሰፊሩ ዘሎ፣ ቆልዓኹም ትምህርቱ ንኽከታተል፣ ከም መጠን ወለዲ ሓለፍነት ኣለኩም።  ካብ ትምህርቲ ወጻእን ኣብ መገዲ ቤት ትምህርትን ወለዲ ሓላፍነት ኣለኩም።

ካብ ትምህርቲ ምትራፍን ምዕራፍን (ገጽ 4) ከምኡዉን ወለድን ቤት ትምህርትን (ገጽ 10) ርኣዩ።



## መዓልታዊ ቤት ትምህርቲ

*Ecole à journée continue*

ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ፣ ኣብ እዋን ምሳሕን ድሕሪ ዕለታዊ ትምህርትን፣ ክንክን ንዘድልዮም ቆልዑ መዋእለ ሕጻናትን ተምሃሮ፣ ማሕበር ዓዲ እ'ኹል ዝ'ኾነ ጠለባት እንተሎ፣ ኣገልግሎት መዓልታዊ ቤት ትምህርቲ ተዳሉ። እዚ ኣገልግሎት መብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ ክፍልታት መዓልትዊ መዓልታዊ ቤት ትምህርቲ እዩ ዝዳሎ።

መዓልታዊ ቤት ትምህርቲ ሰለስተ ዝተፈላለየ ምድላዋት ክህልዎ ይ'ኽእል እዩ።

- ዕለታዊ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ ናይ ንግሆ ክንክን
- ናይ እዋን ምሳሕ ክንክን ምስ ምግቢ
- ናይ ድሕሪ ቀትሪ ክንክን፣ ድሕሪ ዕለታዊ ትምህርቲ ኣብ እዋናት ዕረፍቲ ድማ ድሕሪ ቀትሪ

ምድላዋት ኣብ እዋን ምሳሕን ድሕሪ ቀትርን፣ ሓገዝ ዕዮ ቤትውን ዝሕወሶ እዩ። ወለዲ ነቲ ዝሰማምዖም ምድላዋት ክመርጹ ይ'ኽእሉ እዮም። እዚ ምድላዋት መዓልታዊ ቤት ትምህርቲ ገንዘብ ዝ'ክፈሎ እዩ። ዋጋ ናይዚ ምድላዋት ከከም እቶት ወለዲ፣ ንብረትን ብዝሒ ኣባላት በተሰብን እዩ ዝዉሰን።

ብዛዕባ መዓልታዊ ቤት ትምህርቲ ዝሓሸ ሓበሬታ እንተደሊ'ኹም ኣብዚ ኣድራሻ ኢንተርኔት ርኣዩ። www.erz.be.ch/ecole-journee-continue ወይ ከኣ ምስ መምሃራንን ሓለፍቲ ቤት ትምህርትን ተዛረቡ።

ካልእ ተመሳሳላይ ካብ ስድራ ቤት ወጻኢ ዝግበር ምድላዋት ምእላይ ቆልዑ (ቆልዑ ዝዉዕሉሉ፣ ቆልዑ ዝኣልዩ ዉልቀ ሰባት ው.ዘ.ተ.) ኣብዚ ኣድራሻ ኢንተርኔት ርኣዩ። www.gef.be.ch > Famille

## ዕዮ ገዛ

*Devoirs à la maison*

ዕዮ ገዛ መመላእታ ዕለታዊ ትምህርቲ እየን። ቆልዑ ነቲ ኣብ ዕለትዊ ቤት ትምህርቲ ዝተመሃርዎ ኣጥል'ቆ ኣቢሎም ይፈልጥዎን ይለምድዎን እዮም። ቆልዓ'ኹም ከይተረበሸ ዕዮ ገዝኡ ዝሰርሓሉ ቦታ ኣዳሉዉ፣ ኣቲ ቆልዓ 'ኸኣ ዕዮ ገዝኡ ከም ዝሰርሕ ተ'ኸታተልዎ።

ቆልዓ ነቲ ዝተዋህቦ ዕዮ ገዛ ብዘይ ሓገዝ ስድራ ክሰርሕ ከም ዝ'ኽእል ክ'ኸውን ኣለዎ። ቆልዓ ነቲ ዝተዋህቦ ዕዮ ገዛ ባዕሉ ክሰርሖ ዘይክእል እንተ'ኾይኑ፣ ብዝተ'ኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ምስ መምሃራን ተማየጡሉ።

## ኣወሃህባ ነጥቢ

*Evaluation*

ኣብ ዓመት ብውሑዱ ሓንሳብ ኣብ መንጎ መምህር ክፍልን ወለድን ምይይጥ ይግበር። ጉዳይ መማየጢ ብዛዕባ ትምህርታዊ ምዕባለ ቆልዓ'ኹምን ናይ ቆልዓ ናይ ስራሕን ማሕበራዊ ጠባያትን እዩ።

ካብ 3-ይ ክሳብ 8-ይ ክፍሊ ዝመሃሩ ቆልዑ፣ ኣብ መወዳኣታ ዓመት ትምህርቲ ዘምጽእዎ ነጥብታት ዝሓዘ ባጀላ ይወስዱ። እዚ ነቲ እቲ ቆልዓ ብነፍሲ ወከፍ ዓይነት ትምህርቲ ተዋሂቡዎ ዘሎ ዕላማ ክንድምንታይ ከም ዘማልኤ የርኢ። ካብ 5-ይ ክፍሊ ጀሚሩ ናይ ተምሃሮ ክእለታት ኣብ ባጀላ ብነጥብታት ይምዝገብ እዩ። ካብ 9-ይ ክሳብ 11-ይ ዝመሃሩ ተምሃሮ ነቲ ብጽሑፍ ዝዳሎ ባጀላ ኣብ መወዳእታ ወ'ቕቲ ትምህርቲ ይወስዱ። ኣብኡ እቲ ናይ ስራሕን ማሕበራዊን ጠባያት ይምዝገብ እዩ።

ኣወሃህባ ነጥቢ ካብ 1 ክሳብ 6 እዩ። (6= ዝበለጸ ነጥቢ፣ ካብ 4 ንታሕቲ= እቲ ዕላማ ትምህርቲ ኣይተማልኤን)። ፍርቂ ነጥቢ እዉን ይወሃብ እዩ (ንምሳለ 5,5 ወይ 4,5)።

ሓበሬታ ብዛዕባ ዝርዝር ኣወሃህባ ነጥቢ፣ ብዝተፈላለየ ቋንቋ ኣብ ኣድራሻ ኢንተርኔት ርኣዩ።
www.erz.be.ch/evaluation

## ካብ ትምህርቲ ምብኳርን ምዕራፍን

*Absences et dispenses*

- ከም መጠን ወለዲ፣ ንቆልዑ'ኹም ከምቲ ኣብ ሰለዳ ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ ሰፊሩ ዘሎ ንመዋእለ ሕጻናት ይ'ኹን ንቤት ትምህርቲ ናይ ምስዳድ ሓላፍነት ኣለኩም። ንደቆም ፈሊጦም ናብ ቤት ትምህርቲ ዘይሰዱ ወለዲ ክ'ቕጽዑ ይ'ኽእሉ እዮም።

- ከም መጠን ወለዲ፣ ቆልዓ'ኹም ንምንታይ ከም ዘቡክር ንመማሃራን ክትነግሩ ኣለኩም። ቆልዓ'ኹም ከም **ዘቡክር** ኣቐዲምኩም እንተ ፈሊጥኩም፣ ነቲ ዝምልከቶ መምህር ቆልዓ ከም ዘቡክር ኣቐዲምኩም ንገሩ። ቆልዓ ከም ዘቡክር ኣቀዲምኩም እንተ ዘይትፈልጡ 'ዄንኩም፣ ዉሕስና ምእንቲ ክህልዎ ብዝተ'ኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ኣፍልጡ።

- ቆልዓ በዘን ዝስዕባ ም'ኽንያታት ዘቡክር እንተ 'ኾይኑ፣ ምብኳሩ ከም ዝተሓልፈ (ዝተፈ'ቕደ) እዩ ዝሕሰብ፡ ሕማም ወይ ሓደጋ ቆልዓ፣ ሕማም ወይ ሞት ናይ ስድራቤት፣ ም'ቕያር ገዛ፣ ቆጸራ ሓኪም ወይ ከኣ ሓኪም ስኒ።

- ቁጽሪ ናይተን ቆልዓ ኣፊቂዱ ዝቦ'ኸረለን ይ'ኹን ብዘይፍቓድ ዝቦ'ኸረለን፣ እቲ ቆልዓ ዘይተሳተፈለን ትምህርትታት ኣብ ዝርዝር ባጀላ ይምዝገባ እየን።

- ዕረፍቲ ከተፍቅዱ እንተደሊኹም፣ ኣርባዕተ ሰሙን ኣቐዲምኩም፣ ምኽንያት ዕረፍቲ ዝተጻሕፎ መመልከቲ ናብ ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ ከተቕርቡ ኣለኩም። ምኽንያት ዕረፍቲ እዘን ዝስዕባ ዘለዋ እንተኾይነን ፍቓድ ይወሃብ እዩ፡ ክብ ዝበለ ናይ ሃይማኖት በዓል፣ ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ ስድራቤት ጉዳይ፣ ናይ መበቆል ዓዲ ኮርስ ቋንቋን ባህልን፣ (LCO)፣ ተሳትፎ ናይ ልምዲ ምፍጻም።

- ወለዲ ንደቆም ኣብ ዓመት ትምህርቲ ክሳብ ሓሙሽተ ናይ ፍርቂ መዓልታት ዕረፍቲ ንኸዉሱዱ መሰል ኣለዎም። ኣብዘን ሓሙሽተ መዓልታት ቆልዓ ፍሉይ ምኽንያት ከይሃበ ካብ ትምህርቲ ክተርፍ ይኽእል እዩ። ንቆልዓኹም ሓደ ናይ ፍርቂ መዓልቲ ዕረፍቲ እንተድለየኩም፣ ንመምህር ክፍሊ ክልተ መዓልቲ ኣቐዲምኩም ንገርዎ።

## ተወሳኺ ትምህርትን ምድላዋት ጊዜ ዕረፍትን
*Offres de formation et de loisirs complémentaires*

ኣብ ልዕሊ እተን ቀንዲ ዓይነት ትምህርቲ ዝዳለዋ ናይ ፋካልቲ ዓይነት ትምህርትታት ነቲ ስሩዕ ትምህርቲ የማልኦኦ። ቤት ትምህርቲ፣ ናይ ሙዚቃን ኢደ ጥበብን ከምኡዉን ብሓደ ዓይነት ትምህርቲ ዘይተወሰነ ኮርስን ፕሮጀክትን ተዳሉ።

ካብ 9-ይ ክሳብ 11-ይ ክፍሊ ካልኦት ምድላዋት ይውሰኻ። እዘን ናይ ፋካልቲ ዓይነት ትምህርቲ እዉን ንስድራ ካብ ምኽፋል ነጻ እየን ዝወሃባ።

ብናይ መበቆል ዓዲ ቋንቋን ባህልን ዝዳሎ ትምህርቲ (LCO)፣ ነቶም ብዙሕ ቋንቋታት እንዳፈለጡ ዝዓብዩ ቆልዑን መንእሰያትን፣ ነቲ ዘለዎም ክእለት ናይ መጀመርታ ቋንቋን (ቋንቋ ኣደ ወይ ኣቦ) ፍልጠት ባህሊ መበቆል ዓዲ ኣዲኦም ወይ ዓደቦኦም፣ ከስፍሑ ይኽእሉ። ነዘን ትምህርቲታት ዘዳልዋ መበቆል ዓድታት ወይ ከኣ ዉልቃዊያን ማሕበራት እየን። ነዘን ምድላዋት ሓሓሊፉ ይኽፈል እዩ።
ብዛዕባዚ ዝበዝሐ ሓበሬታን ዝርዝር ምድላዋትን ኣብዚ ናይ ኢንተርኔት ኣድራሻ ርኣዩ። www.erz.be.ch/lco

ንቆልዑን መንእሰያትን ዝዳሎ ስፖርትን ካልእ ናይ ጊዜ ዕረፍቲ ምድላዋትን መብዛሕትኡ ጊዜ ብናይ ውልቂ ማሕበራት እየን ዝዳለዋ፣ እዚ ስራሕ ከኣ ኣብ ድልየት ዝተመስረተ እዩ። ከም ግቡእ ነተን ዘዳልዋ ማሕበራት ዓመታዊ ገንዘብ ተሳትፎ ክኽፈለን ኣለዎ።



ብብዙሕ ናውቲ ሙዚቃ ዝተሰነየን ብሰብ ሙያ ዝምራሕ ትምህርቲ ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ የዳሉ እዩ። እቲ ትምህርቲ ይኽፈሎ እዩ። ብዛዕባ ዘለዋ ናይ ሙዚቃ ቤት ትምህርትታት ኣብዛ ትስዕብ ኣድራሻ ኢንተርኔት ትረኽቡ፡
www.vbms.ch/ueber-uns/musikschulen/
ሓበሬታ ብዛዕባ ስፖርትን ካልኦት ንጊዜ ዕረፍቲ ዝዳሎን ኣብ ማሕበር ዓዲ ትረኽቡ።

## ጥዕና
*Santé*

ኣብ መዋእለ ሕጻናት ከምኡውን ኣብ 6-ይን 10-ይን ክፍሊ ቆልዑን መንእሰያትን ብናይ ማሕበር ዓዲ ናይ ቤት ትምህርቲ ሓኻይም ምርመራ ሕክምና ይገብሩ። እዚ ምርመራ ግድንን ነጻን እዩ። እዚ ምርመራ ዝግበር ጸገም ጥዕና፣ ከም እኒ ናይ ምስማዕ፣ ምርኣይ፣ ከምኡውን ናይ ዘረባ ጌጋ ይኹን ናይ ኣቃዉማን ምንቅስቓስን ጉድለት ከሎ ገና ንምፍላጥ እዩ። ንቆልዓ ተወሳኺ ምምርማር ወይ ከኣ ምሕካም ዘድሊ እንተኾይኑ፣ ሓኻይም ቤት ትምህርቲ ንስድራ ቆልዓ ይሕብሩን፣ እንታይ ስጉምቲ ክዉሰድ ከም ዘለዎን እውን ምስኦም ይማየጡ።

ኣስናን ቆልዑን መንእሰያትን እዉን ቀጻሊ ብሓኻይም ኣስናን ቤት ትምህርቲ ይምርመር እዩ። እዚ ምርመራ እዉን ግድንን ነጻን እዩ። ሕክምና ምስ ዘድሊ ስድራ ይሕበሩ እዮም። ዝኽፈል ገንዘብ ስድራ እዮም ዝኸፍሉ። ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ቆልዑ ከመይ ጌሮም ኣስናኖም ከም ዝከናኸኑ ይላመዱ እዮም።

ቆልዓ ብሕማም ዝሳቐ እንተኾይኑ ወይ ከኣ ቀጻሊ ኣፋውስ ክወስድ ዝግብኦ እንተኾይኑ፣ ንመምህር ክፍሉ ሓብሩ።

ብዝተፈላለያ ቋንቋታት ብዛዕባ ቆልዓን ጥዕናን ኣብዛ ትስዕብ ኣድራሻ ኢንተርኔት ርኣዩ።
www.migesplus.ch> Enfant & santé.

# 2 ቤት ትምህርቲ

## ዕላማን ኣገባብ ስርሓትን

*Objectifs et organisation*

ዕላማ መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ናይ ቆልዑን መንእሰያትን ፍልጠት፣ ክእለት፣ ኣተሓሳስባን፣ ናይ ኣሰራርሓ ጽፈት ምምዕባልን፣ ንኸባቢኦምን ማሕበረሰብን ብዝበለጸ ኩነታት ንኽርድእዎን ክብ ዝበለ ናይ ምሕዋስ ክእለት ንኽቀስሙን፤ እሳቶምዉን ነብሶም ኪኢሎም፣ ሓላፍነት ዝስምዖም ዉልቀሰባት ንምኻን ክበቅዑን፣ ድሕሪ እቲ ግዴታዊ ትምህርቲ እዉን ዕዉት ዝኾነ ትምህርቲ ሞያ ወይ ከኣ ቐጻሊ ትምህርቲ ንኽዉድኡ እዩ።

መምሃራን እቲ ዝምህርዎ ትምህርቲ፣ ነቲ ክብጽሖ ተሓሲቡ ዘሎ ዕላማ መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ዘማልእን ኣብቲ ስርዓተ ትምህርቲ ዝተሞርከሰን እዩ።

ኣብ ኩለን ማሕበር ዓድታት ኮሚሽን ቤት ትምህርቲ በቲ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ነሰራርሓ መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ይከታተል እዩ። ምምሕዳር ቤት ትምህርትታት ዝጠልቦም ናይ ካንቶን ኢንስፐክተራት ንቤት ትምህርትታት ይቆጻጸሩ።

ማሕበር ዓዲ ንወለዲ ደቆም ኣብ መዋእለ ሕጻናት ምእንቲ ከመዝግቡ ይእዝዝ እዩ። ንቆልዓኹም ሓደ ዓመት ኣጽኒሕኩም ኣብ መዋእለ ሕጻናት ክኣቱ እንተደሌኹም፣ ነቶም ዝምልከቶም ሰብ መዚ ከተመዝግቡ ከለኹም ንገሩ።

## መዋእለ ሕጻናት(1-ይን 2-ይን ክፍሊ)

*Ecole enfantine*

ኣብ መዋእለ ሕጻናት ቆልዑ እንዳተጻወቱ ይመሃሩ እንዳተማህሩ ከኣ ይጻወቱ። ቆልዑ ነቲ ዝርእይዎ ነግራት ምስትዉዓል፣ ምዝራብ፣ ምስ ብዙሓት ካልኦት ቆልዑ ኣብ ሓደ ዕብይ ዝበለ ግሩፕ ንምሕዋስን ናይ ከባቢ ተመክሮታት ንምቕሳምን ይምሃሩ። ቆልዑ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ሙሉእ ምዕባሌኦም ንኽዉስኽ ይተባብዑ ከምኡዉን ቤት ትምህርቲ ንምጅማር ይቕረቡ። ናይ መዋእለ ሕጻናት መምሃራን ንምዕባለ ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ይከታተሉ ከምኡ ከኣ ይድግፉ፣ ብዛዕባ ምዕባለ ቆልዓ ድማ ምስ ወለዲ ይማየጡ እዮም።



ብሓደ ሓደ ጉዳያት ፍሉይ ሓገዝ ንዘድልዮም ቆልዑ (ንምሳለ በዘራርባን ምንቅስቓስን ዘሎ ምዕባለ) ተወሳኺ ደገፍ ብሰብ ሙያ ይግበረሎም እዩ።

መዋእለ ሕጻናት ከም ግቡኡ ክልተ ዓመት እዩ ዝወስድ። ምዕባለ ናይ ቆልዓ ተራእዩ፣ ኣገዳሲ እንተ ኾይኑ እቲ ቆልዓ ናብ ቀዳማይ ደረጃ ዝኣትወሉ ጊዜ ሓደ ዓመት ክጸንሕ ይኽእል እዩ ወይ ድማ ነቲ ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ ክመሃሮ ዘለዎ ኣብ ክልተ ዓመት ከም ዝዉድእ ይግበር።

ብዛዕባ ምዕባለን ክእለት ትምህርትን ንምምዛን፣ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ዉሳነ ቀጻላይ ትምህርቲ ይግበር እዩ።

ካብ መዋእለ ሕጻናት ናብ ቀዳማይ ደረጃ ምስጋር ዉሳነ ጎደና ትምህርቲ እዩ። ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ፣ መምህር መዋእለ ሕጻነት ብዝሓበሮ ምኽንያት ይውስን።

ብዙሕ ቋንቋ እንዳለመዱ ዝዓብዩ ቆልዑ መዋእለ ሕጻናት ክኣትዉ ኸለዉ ቋንቋ ከባቢኦም ኣዔርዩ ዘይርድኦም ወይ ዘይዛረቡ እንተኮይኖም፣ ተወሳኺ ደገፍ ይረኽቡ እዮም። ናይ ፈረንሳይኛ ቋንቋ ኣዔሪኻ ምምላኽ፣ ነተን ዝቕጽላ ዓወታት ትምህርቲ ቆልዓ ኣገደስቲ እየን። ቆልዓኹም መዋእለ ሕጻናት ቅድሚ ምጅማሩ፣ ምስ ካልኦት ቆልዑ ከም ዝጻወትን፣ ነቲ ፈረንሳይኛ ቋንቋ ድማ ከም ዝመሃር ንምግባርን ተገደሱሉ። ካብ ደቂ ክልተ ዓመት ጀሚሮም ንዘለው ቆልዑ ዝኸዉን ብዛዕባ ጸወታን ክንክንን ቆልዑ ከም እኒ ርክብ ኣዴታት ወይ ኣቦታት፣ ናይ ጸወታ ግሩፕ ወይ ከኣ መዉዓሊ ቆልዑ ዝምልከት ሓበሬታ ካብ ማሕበር ዓዲ ሕተቱ። „ወለዲ ንዕዉት ትምህርቲ ዘለዎም ኣስተዋጽኦ" ርኣዩ። (ገጽ 12).

ኣብ ሓደሓደ ዓድታት ቆልዑ መዋእለ ሕጻናትን ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ክፍሊ ቤት ትምህርት ኩሉ ጊዜ ወይ ከኣ ሓደሓደ ጊዜ ብሓባር ይመሃሩ።(ዝተፈላለየ ዕድመ) (Cycle élémentaire ወይ ከኣ Basisstufe).

## ቀዳማይ ደረጃ (□□ 3-ይ – 8-ይ ክፍሊ)

*Degré primaire*

ካብ 3-ይ ክሳብ 8-ይ ክፍሊ ዘለዉ ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ነቲ መሰረታዊ ዝኾነ ምንባብ፣ ምጽሓፍን ናይ ሒሳብ ትምህርትን ይቐስሙ ከምኡውን ፍልጠቶም የደልድሉ። ንኸባቢኦም ዘሎ ነገራት ንምፍላጥ መገዲ ይኸፈተሎም ከምኡውን ምስ ናይ ስራሕ ቴክኒካት ይላለዩ። ብዙሕ ጊዜ ኣብ ዝተፈላለያ ዓይነት ትምህርቲ ሓደ ዓይነት ኣርእስቲ ይስራሕ። ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ቀስ ብቐስ ብዘይ ሓገዝን ንናይ ውልቆም ሓላፍነትን ክሰርሑ ይጅምሩ።

ካብ 5-ይ ክፍሊ ጀሚሮም እቶም ኣብቲ ጀርመንኛ ዝዝረበሉ ክፍሊ ካንቶን ዘለው ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ፈረንሳይኛ ከም ናይ መጀመርያ ቋንቋ ጓና ይምሃሩ፣ ኣብቲ ፈረንሳይኛ ዝዝረበሉ ከኣ ጀርመንኛ ይምሃሩ።

ካብ 2013 ጀሚሩ ኣብ ክልቲኤን ክፍሊ ካንቶን ዘለው ተምሃሮ ካብ 7-ይ ክፍሊ ጀሚሮም እንግሊዝኛ ክመሃሩ እዮም።

ኣብ 8-ይን ክፍሊ ናይ ቆልዓኹም ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ መሳገሪ ንጥፈታት ይካየድ እዩ። Degré secondaire (9-ይ - 11 ክፍሊ) (ገጽ 7 ርኣዩ)

ብሓደ ሓደ ጉዳያት ጸገም (ቋንቋ፣ ምንቅስቓስ ኣካላት፣ ትምህርቲ ኣተኩሮካ ናይ ምክትታል) ዘለዎም ቆልዑ፣ በዚ ምኽንያት ድማ ዕላማ ትምህርቶም ምምላእ ዝሽገሩ እንተኾይኖም፣ ንነፍሲ ወከፍ ዉልቀሰብ ብዝተመደበ ዕላማ ትምህርቲ ይምሃሩ ወይ ከኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ በዚ ሙያ ብዝሰልጠነ ሰብ ይድገፉ።

ነዚ ጉዳይ **ጸገም ትምህርቲ** ቆልዓ እንታይ ከም ዝኾነ ንምፍላጥ፣ ምስ ናይ ወለዲ ፍቓድ፣ ሰብ ሙያ ይምርምርዎ። እዞም ሰብ ሙያ እዚ ደገፍ **ብፍሉይ ትምህርቲ** ነቲ ቆልዓ ኣድላዪ እንተኾይኑ ኣጸርዮም ይወስኑ።

እዚ **ፍሉይ ትምህርቲ** ( *l'enseigne-ment spécialisé*) ኣብ እዋን ትምህርቲ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ወይ ከኣ ካብ ክፍሊ ወጻኢ ብግሩፕ እዩ ዝካየድ። ብዙሓት ማሕበር ዓድታት ናይ ምምሃር ጸገም ንዘለዎም ቆልዑ፣ ትምህርቲ ዝከታተሉሉ ዝኽእሉ **ፍሉይ ክፍሊ** የዳልዋ እየን። ኣብዚ ፍሉይ ክፍሊ (Classe spéciale) ካብ ናይ ቤት ትምህርቲ ክፍሊ ዝወሓዱ ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ዝሳተፍዎ ክኸዉን ከሎ፣ መምሃራኖም ድማ ጸገም ትምህርቲ ንዘለዎም ቆልዑ ንምሕጋዝ ዝሰልጠኑ ሰብ ሙያ እዮም።

ኣብ ትምህርቶም **ብጣዕሚ ንፉዓት ንዝኾኑ ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ** እዉን ፍሉይ ምድላው ኣሎ። ኣብዚ ንምስታፍ እዉን ዉሳነ ናይ ነዚ ጉዳይ ካብ ዝግምቱ ቤት ጽሕፈት ዘለዉ ሰብ ሙያ የድሊ እዩ።



## ካብ ቀዳማይ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ምስጋር

*Passage du degré primaire au degré secondaire I*

ኣብ 8-ይ ክፍሊ፣ ናይ ቆልዓኹም ካብ ቀዳማይ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝቕይረሉ ናይ ምስጋር ንጥፈታት ይካየድ።

ኣብቲ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ (9-ይ – 11 ክፍሊ) ዘሎ ትምህርቲ ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ **ዝተፈላለየ ክብደት ዘለወን ጨንፈራት ትምህርቲ** ይመቓቐል። ናብ ታሽዓይ ክፍሊ ዝኣትዉ ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ፣ ክሳብ እቲ እዋን ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘምጽእዎ ነጥብታትን እቲ ኣብቲ ቆልዓ ዘሎ ትጽቢት ምዕባለ ትምህርትን ኣብ ግምት ኣትዩ፣ ኣብ ሓንቲ ካብ እዘን ዝተፈላለየ ክብደት ዘለወን ጨናፍር ክፍሊ ይምደቡ። ኣብ ሻብዓይ ክፍሊ መምህር ንቆልዑን ንስድራን ብዛዕባ ንጥፈታት ምስግጋር ይሕብሮም እዩ።

„ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ“ (ገጽ 7) ከምኡዉን „ድሕሪ ቤት ትምህርቲ“(ገጽ 9) ርኣዩ።

ብዝተፈላለያ ቋንቋታት ብዛዕባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ኣመዛዝና ነጥብን ምስግጋር ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃን ኣብዛ ትስዕብ ኣድራሻ ኢንተርኔት ርኣዩ።
www.erz.be.ch/evaluation> Informations pour les parents

## ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ (ካብ 9-ይ – 11 ክፍሊ)

*Degré secondaire I*

ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ዘለዉ ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ከከም ክእለቶም ብሰለስተ **ዝተፈላለየ ክብደት ዘለዎ ጨንፈር ትምህርቲ** ይመሃሩ።

ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ኣብ ሓፈሻዊ ክፍሊ *section générale („section g“)*፣ ዘመናዊ ክፍሊ *section moderne („section m“)* ወይ ከኣ ኣብቲ ፍሉይ ንቐጻሊ ትምህርቲ ዘቀራርብ ክፍሊ *section préparant aux écoles de maturité („section p“)* ይሳተፉ። ኣብ ክፍሊ *„section m“* ከምኡዉን ኣብ *„section p“* ዝመሃሩ ተምሃሮ ብርትዕ ንዝበለ ትምህርቲ ብቕዓት ክህልዎም ኣለዎ። እዘን ዝተፈላለያ ክፍልታት ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ እየን ዝመሃራ።

ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ እዉን ደገፍን ፍሉይ ትምህርትን ኣሎ።

ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ዝመሃሩ ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ፣ ቀስ ብቐስ በይኖም ይኹን ምስ ካልኦት ብጾቶም ብሓባር፣ ነቲ ስርሖም ባዕሎም ክሰርሑ ትጽቢት ኣሎ። እቲ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ስፍሓቱን ጥልቀቱን ይወስኽ። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ንምምራጽ ትምህርቲ ሙያ ወይ ከኣ ንቐጻሊ ትምህርቲ ይዳለዉ። **ምርጫ ሙያ** (*choix professionnel*) መንእሰያት፣ ኣብ ናይ ዉልቀ ሰብ ድልየት፣ ተውህቦን ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘምጽእዎ ነጥብታትን ዝተሞርከዘ እዩ። ቤት ትምህርቲ ነዚ ኣገዳሲ ዝኾነ ንጥፈት ንምድጋፍ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ ይዝይትዩሉ እዮም። ስድራ፣ መምህር ክፍልን ቤት ጽሕፈት ኣማኸርቲ ሙያን ብሓባር ኮይኖም ንመንእሰያት ኣብ ንጥፈት ዉሳነኦም የሰንይዎም እዮም።

መምህር ክፍሊ ከሎ ገና ንመንእሰይን ንወለድን ብዛዕባ ምምራጽ ሙያን **ምድላይ ቤት ትምህርቲ ሙያን** ምስኡ ዝተተሓሓዘ ከኣ **ክብደት ትምህርትን ትጽቢትን** ይሕብር እዩ።
„ድሕሪ ቤት ትምህርቲ“ (ገጽ 9) ከምኡዉን „ኣወሃህባ ነጥቢ“ (ገጽ 4) ርኣዩ።

## ሓደሽቲ ዝመጹ ቆልዑን መንእሰያትን

*Nouveaux arrivants*

ከም ሓደሽቲ መጠን ሓበሬታ ብዛዕባ መዋእለ ሕጻናትን ተሳትፎ ቤት ትምህርትን ካብ ማሕበር ዓዲ ትረኽቡ ኢኹም። ንቆልዓኹም እዉን ባዕልኹም ኣብ ዝምልከቶ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ክተመዝግብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ቆልዓኹም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብር እንተኾይኑ ወይ ድማ ንውሕ ንዝበላ ኣዋርሕ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝጸንሕ እንተኾይኑ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስታፍ ግቡኡ እዩ። ኣብ መዋእለ ሕጻናት ይኹን ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ዝድለየ እዋን ዓመት ክእቶ ይከኣል እዩ።

ሓደሽቲ ዝመጹ ቆልዑን መንእሰያትን ድሕሪ ዘተ ወልዲ ምስ ዝምልከቶም መምሃራን (ክሳብ እቲ ጊዜ ዘሎ ዶኩሜንት ትምህርቲ ዝተሞርከሰ) ዕድመን ክሳብ እዚ ጊዜ ዝተማህሮ ክፍልታትን ኣብ ግምት ኣትዩም (ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ እዉን ክብደቱ ክመጣጠኖ ይኽእል እዩ ኣብ ዝተባህለ ጨንፈር ክፍሊ) ይምደቡ። እዚ ብምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ዝግበር ናይ መጀመርታ ምምዳብ፣ ጊዜያዊ እዩ።

ካብ 6-ይ ክፍሊ ኣትሒዙ፣ እቶም መምሃሪ ቋንቋ ዘይክእሉ ቆልዑን መንእሰያትን፣ ነቲ ኣብ ወጻኢ ዓዲ ዝተማህርዎ ክፍሊ ምድጋሙ ኣገዳሲ ክኸዉን ይኽእል እዩ። ምድጋም ክፍሊ፣ ነቲ መምሃሪ ቋንቋ ንኽመልከን ኣብ ዝነበርዎ ቤት ትምህርቲ ዘይተመሃርዎ ነገራት ንኽፈልጡን ይሕግዞም እዩ።



ነቶም፣ ነቲ መምሃሪ ቋንቋ ዘይክእሉ ወይ ከኣ ኣጸቢቆም ዘይመልከ ቆልዑን መንእሰያትን፣ ተወሳኺ ደገፍ ይግበረሎም እዩ። እዚ ተወሳኺ ትምህርቲ ፈረንሳይኛ **[français langue seconde (fls)]** ንገዝብ ኣይክፈሎን እዩ እቲ ትምህርቲ እዉን ኣብቲ ምዱብ ክፍለ ጊዜ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ወይ ድማ ካብቲ ክፍሊ ወጻኢ እዩ ዝካየድ።

መብዛሕቱ እዋናት እተን ናይ ከተማ ማሕበር ዓዲ፣ ነቶም ቋንቋ መምሃሪ ዘይክእሉ ቆልዑን መንእሰያትን፣ ኣብተን ናይ መጀመርታ ዓሰርተ ኣዋርሕ፣ ጥሉቕ ዝኾነ ትምህርቲ ቋንቋ ይምህራ እየን።

ኣብ ዘለዋ ምድላዋት ከም እኒ ማሕበራት ስፖርት፣ መዓልታዊ ቤት ትምህርቲ ቋንቋን ባህልን መበቆል ዓዲ (LCO)፣ ንቆልዓኹም **ቀልጢፉ ነዚ ሓዲሽ ቋንቋን ከባቢን ንምፍላጥ ካብ ምሕጋዙ ሓሊፉ** ኣብ ማሕበረሰብ ንኽሕወስ እዉን ይሕግዝ እዩ።

„ድሕሪ ቤት ትምህርቲ“ርኣዩ። (ገጽ 9)

# 3 ድሕሪ ቤት ትምህርቲ

## ዕድላት ትምህርቲ

*Possibilités de formation*

ንዝተዓልመ ሙያ ወይ ከኣ ቀጻሊ ትምህርቲ ዝመርሕ ኩነታት፣ ካብቲ እስኹም ትግምትዎ ፍልይ ዝበለ ክኸውን ይኽእል ኣዩ: ካብ ቀደም ዝተፈልየ ወይ - እስኹም ኣብ ስዊዘርላንድ ዘይዓበኹም እንተ ዄንኩም - ካብ መበቆል ዓድኹም ፍልይ ዝበለ። ንምሳለ ሕጂ፡ ድሕሪ ቤት ትምህርቲ፣ ሰብ ክመሃረን ዝኽእል ካብ 250 ንላዕሊ ዓይነተን ዝተፈላለያ ሙያታት ኣለዋ።

ድሕሪ ግዴታዊ ቤት ትምህርቲ፣ ቀጻሊ ትምህርቲ ሙያ ንመጻኢ ህይወት ቆልዓኹም ክብ ዝበለ ኣገዳስነት ኣለዎ: ናይ ሙያ ትምህርቲ ዘይወድኤ ወይ ቀጻሊ ትምህርቱ ዘይወድኤ፣ ዝተረጋገጸ ቦታ ስራሕ ናይ ምርካብ ምስኡዉን እቲ ዝጽበዮ መሃያ ዉሑድ እዩ። ቀጻሊ ናይ ምምሃር ዕድል ይኹን ኣብ ቦታ ስራሕ ምዕባለ ይተርፍ።

## መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ (ስልጠና ሙያ)

*La formation professionnelle initiale (apprentissage)*

መብዛሕትኦም መንእሰያት፣ ድሕሪ እቲ ግቡእ እዋን ትምህርቲ፣ ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ (ስልጠና ሙያ) ነቲ ሙያኦም ይመሃሩ እዮም: ኣብዚ ካብ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመታት ዝወስድ እዋን **ኣብ ሓደ ትካል ልማዳዊ ትምህርቲ ይቕስሙ።** ምስኡ ድማ ኣብ ሰሙን ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ መዓልታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ሙያ (*école professionnelle*) ከይዶም ነቲ ሙይኦም ዝምልከት ፍልጠታት ምስኡ ድማ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ኣጥሊቖም ይምሃሩ። ኣብ ሞንጎ ተመሃሪት/ተመሃራይ ሙያ፣ እቲ ዝምህሮ ትካልን ቤት ትምህርቲ ሙያን ስምምዕ ይፍረም። ናይ ሓደ ሓደ ዓይነት ሙያታት ትምህርቲ ኣብ ክፍልታት ጥራሕ ክግበር ይኽእል እዩ [*les écoles supérieures de commerce (ESC)* ከምኡውን *les écoles de métiers*]።

መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ዝወድኡ መንእሰያት፣ ኣብ ትካልን ኣብ ቤት ትምህርቲ ሙያን ዝቐሰምዎ ዝተዋህደ ፍልጠት ስለዘለዎም፣ ከም ግቡኡ ብጣዕሚ ጽቡቕ ዕድል ስራሕ ኣለዎም። ኣብ ልዕሊኡ ከኣ ድሕሪ ምዉዳእ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ፣ ብዙሕ ዝዓይነቱ ቀጻሊ ትምህርትታትን ናይ ምምሃር ዕድል ኣለዎም።

ብጣዕሚ ጽቡቕ ነጥብታት ዘምጽኡ ኣብቲ እዋን ተሳትፎ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ወይ ከኣ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ወድኡ፣ ናይ ሙያ ማትሪክ (*maturité professionnelle*) ክገብሩ፣ ብእኡ ጌሮም ድማ ኣብ ሓደ ዩኒቨርሲቲ ሙያ (*école spécialisée HES*) ናይ ምምሃር ዕድል ኣለዎም።

ቀጻሊ ሓበሬታ ብዛዕባ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ኣብዛ ኣድራሻ ኢንተርኔት: www.erz.be.ch/formation-professionnelle ርኣዩ።

## ማኣከላይ ቤት ትምህርቲ

Les écoles moyennes

**ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ሙያ** [*école de culture générale (ECG)*] ኣብ ዉሽጢ ሰለስተ ዓመታት ንተመሃሮ ንሙያታት ጥዕና፣ መማህራንን ማሕበራዊን ስልጠናታት ንኽምሃሩ ይቕርቦም።

ናይ ትምህርቲ ተውህቦ ዘለዎም፣ ከምኡውን ልዕል ንዝበለ ጻዕሪ ቅሩባት ዝኾኑ ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ናይ **ጂምናዝየም** (*gymnase*) ትምህርቲ ንምስታፍ ዕድል ኣለዎም። ናይ ጂምናዝየም ትምህርቲ ኣብ 12 ክፍሊ እዩ ዝጅመር፣ ሰለስተ ዓመታት ድማ ይወስድ። ኣብ ጂምናዝየም ጥሉቕ ዝኾነ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ምስ ዝተፈላለየ ዓይነት ትምህርቲ ዘድሃበ ትምህርቲ ይዳሎ። ናይ ጂምናዝየም ዲፕሎም (*maturité*) ዝሓዙ ብዘይ ተወሳኺ ፈተና ዩኒቨርሲቲ ወይ ከኣ ምስ ናይ ሓደ ዓመት ልማዳዊ ተመክሮ ኣብ ትካላት፣ ዩኒቨርሲቲ ሙያ ክኣትዉ ይኽእሉ።

ካብ ካልእ ካንቶናት ወይ ከኣ ካብ ወጻኢ ዓዲ ናብ ካንቶን በርን **ሓደሽቲ ዝመጹ** እሞ ኣብዚ ካንቶን ናይ ጂምናዝየም ትምህርቲ ክቕጽሉ ንዝደልዩ፣ ብዝተፈላለያ ቋንቋታት ጽሑፍ ኣብዛ ኣድራሻ ኢንተርኔት ኣሎ። www.erz.be.ch/admission-gymnase

ሓበሬታ ብዛዕባ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ሙያን ጂምናዝየምን፡ www.erz.be.ch/ecoles-moyennes.

## ኣማራጺ መፍትሒታት

*Solutions transitoires*

ኣብ መወዳእታ 11 ክፍሊ፣ ክእለት ቋንቋ ቆልዓኹም ነቲ ክመሃሮ ዝደለየ ሙያ ንምጅማር ዘይብቑዕ እንተ ኾይኑ፣ **ናይ ሙያ መቐረቢ 12 ክፍሊ ናይ ምፍጻም ዕድል ኣሎ።** እዚ ምድላው ነቶም ዕድሚኦም ካብ 16 ክሳብ 18 ንዝኾኑ እሞ ነቲ ቋንቋ መምሃሪ ዘይፈልጡ ወይ ቁሩብ ዝፈልጡ **ሓደሽቲ ዝመጹ መንእሰያት** እዉን ክፉት እዩ: www.erz.be.ch/app

ሓበሬታ ብዝዕባ እዝን ካልኦት ኣማረጽቲ መፍትሒታት ከሎ ገና ካብ መምህር ክፍሊ ቆልዓኹም ወይ ከኣ ካብ ዞባኹም ማእከል ሓበሬታ ሙያ (*CIP*) ሕተቱ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

*Plus d'informations*

ድሕሪ ቤት ትምህርቲ፣ ብጆካ እዘን ኣብዚ ዝተጠቕሳ ትምህርትታት፣ ዝዳለዋ ካልኦት እዉን ኣለዋ።

ሓበሬታ ብዛዕባ ምርጫ ሙያን ኣብ ዝተፈላለያ ከባብታት ዝርከባ ማእከላት ሓበሬታ ሙያ፡ (centres*OP*): www.erz.be.ch/orientation-professionnelle

ብዝተፈላለያ ቋንቋታት ብዛዕባ ምርጫ ሙያ ኣብዛ ኣድራሻ ኢንተርኔት ርኣዩ። www.berufsberatung.ch/dyn/8225.aspx

ጎደና ትምህርቲ ድሕሪ ቤት ትምህርቲ፡ ብሰሌዳ ዝተዳልወ፡ www.erz.be.ch/formation-professionnelle

# 4 ወለድን ቤት ትምህርትን

## ሓባራዊ ስራሕ
*Collaboration*

ስድራን ቤት ትምህርትን ብሓባር ንኽሰርሑ ብሕጊ ይግደዱ እዮም። እዚ ሓባራዊ ስራሕ ብብጻይነት ክኸውን ይግብኦ። ቀንድን ኣገደስትን ዝኾና ጉዳያት፣ ናይ ቆልዓ ዓወት ትምህርትን ቅሳነትን እየን።

## ነንሕድሕድካ ምሕባር
*Information mutuelle*

**መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን** ንወለዲ ኣገደስቲ ብዛዕባ ዝኾናን ምስ ትምህርቲ ዝተተሓሓዛ ተሓሲበን ዘለዋን ጉዳያትን (ዝዳሎ ነገር፣ ዙረት ቤት ትምህርቲ፣ ወ.ዘ.ተ.) ከምኡውን ኣገባብ ቤት ትምህርቲ (ምምዳብ ቤት ትምህርቲ ወይ ክፍሊ፣ እዋናት ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ፣ ወ.ዘ.ተ.) ይሕብራ እየን። እቲ ሓበሬታታት ብመልክዕ ጽሑፍ ወይ ድማ ንሓበሬታታት ተባሂሉ ኣብ ዝዳሎ **ምሸት ወለዲ** ከምኡውን **ዕለት ምብጻሕ** እየን ዝንገራ። ትጽቢትና ብዝተኻእለ መጠን **ኣቦን ኣደን** ኣብዘን ምድላዋት ክሳተፉ እዩ። ክልቴኹም ወለዲ ኣብዘን ምድላዋት ክትርከቡ ዘይትኽእሉ እንተ ኾንኩም፣ ነቲ ዝዓደመኩም መምህር ብቓል ወይ ከኣ ብጽሑፍ ሓብሩ ከምኡውን ኣብቲ ዝተዳለወ ኣኼባ ዝተነግረ ሓበሬታ ከመይ ጌርኩም ከም ትረኽቡ ሕተቱ።

መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ቀጻሊ ብዛዕባ (ትምህርታዊ) ምዕባለን ጠባያትን ቆልዓ ንወለዲ ይሕብራ እየን። ኣብ ዓመት ትምህርቲ ብዉሑዱ ሓንሳብ **ዘተ ወለዲ** (ኣብ መንጎ ወለዲ ተመሃሪትን / ተምሃራይን መምህር ክፍልን) ይግበር እዩ። (ኣወሃህባ ነጥቢ፣ ገጽ 4 ርኣዩ)። ትጽቢትና ብዝተኻእለ መጠን **ኣቦን ኣደን** ኣብዚ ክሳተፉ እዩ። ቆጸራ ናይ ዘተ ምሳኹም ተማኺርና ኢና ንዉስኖ።

ብዛዕባ ቤት ትምህርቲ ወይ ከኣ ትምህርታዊ ምዕባለን ጠባያትን ቆልዓኹም እኹል ዝኾነ ሓበሬታ ዘይረኸብኩም መሲሉ እንተተሰሚዕኩም፣ ንመምህር ክፍሊ ወይ ድማ ንምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ሕተቱ።

ምስ መምህር ክፍሊ ቆልዓኹም ተሰማሚዕኩም ኣብ ክፍሊ ቆልዓኹም **ምብጻሕ** ክትገብሩ ትኽእሉ።

ንቆልዓኹም ኣብ ምዕባሌኡ ይኹን ተገዲሱ ናይ ምክትታል ክእለቱ ክጸሉ ዝኽእል ኩነታት እንተተፈጢሩ፣ **ንመምህር ክፍሊ ቆልዓኹም ሓብሩ።**

**„ካብ ትምህርቲ ምብኳርን ምዕራፍን“(ገጽ 4) ርኣዩ።**

## ትርጉም
*Traduction*

እቲ ኣብ ምሸት ወለዲ ወይ ከኣ ኣብ እዋን ዘተ ወለዲ ዝዝረብ ጉዳያት **ክትርድእዎ** የገድስ እዩ። **ዘሰክፈኩም ጉዳያት ክትገልጹን** ከምኡውን **ሕቶኹም ከተቕርቡ** ምኽኣልኩምውን ኣገዳሲ እዩ። ክእለት ቋንቋኹም ዘይብቑዕ እንተኾይኑ፣ ሓደ ንዓቕሚ ኣዳም/ ሄዋን ዝበቕዔ ተርጓማይ ክትማልኡ ትኽእሉ ኢኹም። ምናዳ ነቲ ዘተ ወለዲ፣ ቤት ትምህርቲ ዝትርጉም ዉልቀ ሰብ ክጠልብ ይኽእል እዩ። ብቤት ትምህርቲ ዝጥለብ ተርጓማይ ዉልቀ ሰብ ሞንጎኛ፣ ነዚ ስራሕ ዝሰልጠነን ምስጢር ንምሕላው ዝመሓለን እዩ።

## ኣገደስቲ ዉሳነታት
*Décisions importantes*

ብዛዕባ ኩለን ኣገደስቲ ዝኾና ንምስጓም ትምህርቲ ቆልዓኹም ዝምልከታ (ንምሳለ ካብ መዋእለ ሕጻናት ናብ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ከምኡውን ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ፣ ናብ ዝቕጽል ክፍሊ ምሕላፍ፣ ናብ ፍሉይ ክፍሊ ምቕያር) ምስ ቆልዓኹምን ምሳኹምን ንማየጠለን ኢና። ካብ ዝምልከቶ መምህርን ምምሕዳር ቤት ትምህርትን ሓበሬታ ክትሓቱ፣ ሓሳብኩም ናይ ምግላጽ፣ ምኽሪ ናይ ምሕታት ይኹን ኣብ ማሕደር ቆልዓኹም ተመዝጊቡ ዘሎ ነገራትን ናይ ምንባብ መሰል ኣለኩም። **ዉሳነ ምስጓም ትምህርቲ ቆልዓኹም** ብምምሕዳር ቤት ትምህርቲ እዩ ዝዉሰን። ናይ መወዳእታ ዉሳነ ምኽንያቱ ተዘርዚሩን ብጽሑፍ ተዳልዩን ንዓኹም ክግለጽ ኣለዎ። በዚ ዉሳነ እንተዘይተሰማሚዕኩም፣ ናብ ቤት ጽሕፈት ኢንስፐክተራት ቤት ትምህርቲ ይግባኝ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም።

„ኣወሃህባ ነጥቢ“ርኣዩ። (ገጽ 4)

## ተሳታፍነት
*Participation*

ንኣሽቱ ሓገዛት ንመማህራን ወይ ድማ ንቤት ትምህርቲ ንምልጋስ ቅሩባት እንተኴንኩም እሞ ዝጥዕመኩም እንተኾይኑ፤ ንምሳለ ኣብ እዋን ዙረታት ከተሰንዩ፣ ኣብ ፕሮጀክትታት ምትሕግጋዝ፣ ንወለዲ ካልእ ቆልዓ ንእሽተይ ሓገዝ ትርጉም ክትሕግዙን ወ.ዘ.ተ.፣ ንመምህር ክፍሊ ሓብሩ። ከምዚ ዝኣመሰላ ምትሕግጋዛት ወለድን መምሃራንን ዘለዎም ርክብ ንኽጽብቕን ኣብ ቤት ትምህርቲ ድማ ሰላማዊ ኩነታት ንምፍጣርን ኣበርክቶ ኣለወን።

ብዙሓት መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን **ቤት ምኽሪ ስድራ** ኣለወን። እዛ ቤት ምኽሪ ስድራ ካብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ካብ ሓደ ክልተ ወከልቲ ትሕዝ። እዞም ወከልቲ ኣብ መጀመርታ ዓመት ትምህርቲ ብወልዲ ቆልዑ ይምረጹ። ናይ ሓደ ክፍሊ ወከልቲ ምስ መምህር ክፍሊ ቅርብ ዝበለ ስራሕ ይሰርሑ። ብሓባር ኮይኖም ንርክብ ወለድን መምህር ክፍልን ይሕብሕቡ ከምኡውን ብዛዕባ ኣተዓባብያን ኣገባብ ኣሰራርሓ ቤት ትምህርትን ይማየጡ። ወከልቲ ወለዲ ሽግር ንምፍታሕ፣ ኣብ ምድላው ፕሮጀክትታት ይሕግዙ ከምኡውን ነቲ ናይ ስድራ ጉዳያት ኣብ ቤት ምኽሪ ወለዲ ይውክሉ። ቤት ምኽሪ ወለዲ ንምሉእ ቤት ትምህርቲ (ወይ ድማ ብዉሑዱ ንሓንቲ ክፍሊ) ዝምልከታ ኣርእስቲ ሒዞም ይዛረቡሉ።

ብዛዕባ ተሳትፎ ወለዲ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ወይ ድማ ቤት ትምህርቲ ቆልዓኹም ኣጸቢቕኩም ክትፈልጡ እንተደሊኹም፣ ካብ መምህር ክፍሊ ወይ ከኣ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ትረኽቡ።

## 5 ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሸግር ኩነታት

ቆልዓኹም ምናልባት ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅሳነት ኣይስምዖን ኣሎ ወይ ከኣ ምዕባለ ትምህርቱ ብድንገት ትሒቱ ይኸውን። ቆልዓኹም ምናልባት ምስ ካልኦት ቆልዑ ሽግር ይህልዎ ወይ ከኣ እስኹም ከም መጠን ወለዲ በቲ ዉሳነ ሓደ መምህር ኣይትሰማምዑን ትኾኑ።

### ዘሸግር ኩነታት እንተተፈጥረ ዝግበር ነገር

*Marche à suivre dans des situations difficiles*

ንቆልዓኹም፣ ንመምህር ወይ ድማ ንክፍሊ ዝትንክፍ ኣሸጋር ዝኾነ ኩነታት እንተተፈጥረ፣ ከምዚ ዝቕጽል ነገራት ይግበር:

1. ወለድን መምህርን ይራኸቡ። ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ኩነታት ተማይጦም መፍትሒ ዝኸውን መገዲ ይናድዩ። ብኽምዚ መገዲ መብዛሕትኡ ጊዜ መፍትሒ ይርከብ እዩ።

2. ወለድን መምህርን መፍትሒ ክረኽቡ እንተዘይክኢሎም ከምኡውን ካብ ክልቲኦም ሓደ ወይ ድማ ክልቲኦም ኣድላዪ መሲሉ እንተተራእዮም፣ ምስ ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ ተጸምቢሮም ይማየጡ።

3. ነተን ዝቐረባ ሕቶታት ወይ ድማ ሽግራት ብቐዕ ዝኾነ መፍትሒ እንተዘይተረኺቡ፣ ንኮሚሽን ቤት ትምህርቲ ጉዳይኩም ክትነግሩ ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ ኣገባብ ብወለድን ብመምሃራንን ክሕሎ ኣለዎ። ኣድላዪ እንተኾይኑ ተርጓማይ ክጥለብ ይከኣል እዩ።

### ናይ ዲሲፕሊን ጉድለት እንተጋጠመ ዝዉሰድ ስጉምቲ

*Mesures en cas de problèmes disciplinaires*

ኩሎም ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀሲኖም ጽቡቕ ምእንቲ ክመሃሩ፣ ቤት ትምህርቲ ስነ ስርዓት ዘለዎ ኣገባብ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከምዝሰፍን ትገብር እያ። ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሀሮ **ንሓባራዊ ናብራ ዘገልግል ሕጊ ቤት ትምህርቲ** (ስነ ስርዓት ቤት ትምህርቲ፣ ሕጊ ክፍሊ) ክሕልዉ ኣለዎም ከምኡውን ንትእዛዛት መምሃራን፣ ምምሕዳር ቤት ትምህርትን ኣባላት ቤት ትምህርትን ክኽተሉ ኣለዎም። ብተደጋጋሚ እዋናት ሕግታት እንተዘይተሓለዋ ወይ ድማ ክብ ብዝበለ ኩነታት እንተተጣሕሰ፣ **ናይ ዲሲፕሊን ምጉዳል ስጉምቲ ይውሰድ።**

እተን ዝተወስዳ ስጉምቲታት ኣወንታዊ ለውጢ እንተዘየምጸኤን፣ ቤት ትምህርቲ ነዚ ጉዳይ ሰብ ሙያ ትጠልብ። ብጠባይ ሓንቲ ተምሃሪት ወይ ሓደ ተመሃራይ ኣገባብ ቤት ትምህርቲ ክብ ብዝበለ ደረጃ እንተተተሃወኸ፣ ኮሚሽን ቤት ትምህርቲ ብመልክዕ ጽሑፍ ካብ ቤት ትምህርቲ ክሰጉግ ወይ ከኣ **ክእግድ** ከም ዝኾነ ብዝሑፍ ከጠንቅቕ ይኽእል እዩ። ናይ ቤት ትምህርቲ ኣገባብን ስነ ስርዓትን ምእንቲ ክሕሎ፣ ኮሚሽን ቤት ትምህርቲ ንኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ሰሙናት ካብ ትምህርቲ ክእግድ ይኽእል እዩ። (ግዜያዊ) እገዳ ንዝተገብረሉ ተምሃራይ፣ እቲ ዝተጠልበ ሰብ ሙያ፣ ስድራን፣ ቤት ትምህርትን ብሓባር ኮይኖም እቲ ተምሃራይ ኣብቲ እዋናት ተመጣጣኒ ዝኾነ ስራሕ የዳልዉሉ።

## 6 ኣብ ኣተዓባብያ ቆልዓ ዘሸግር ኩነታት

ብዛዕባ ኣተዓባብያ ቆልዓ ሕቶ እንተለኩም እውን ምስ መምህር ክፍሊ ቆልዓኹም ክትማኸሩ ትኽእሉ ኢኹም። ምእንቲ ተመክሮ ካልኦት ስድራ ክትቀስሙን ንኸምዚ ዓይነት ኩነታት ከመይ ጌርም ከምዝፈትሕዎን ንምፍላጥ፣ ምስ ካልኦት ስድራውን ተማየጡ።

### ናይ ሰብ ሙያ ምኽሪ

*Conseils prodigués par des spécialistes*

ምስ መምህር ቆልዓኹም ጥራሕ ከይኮነ ምስ ሰብ ሙያ እውን ክትማኸሩ ትኽእሉ ኢኹም፡ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ኣተዓባብያ ናይ ዘባኹም ሓገዝ የዳሉ እዩ።

**ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ኣተዓባብያ ንዓኹም ቅሩብ እዩ:**

- እቲ ሽግር ኣተዓባብያ ንዓኹም ዓቢ ጾር እንተኾነኩም እሞ፣ በይንኹም ነዚ ሽግር ምፍታሕ እንተጸገመኩም (ዘይምእዛዝ፣ ኣንጻርነት፣ ፍርሓት፣ ምዕግርጋር፣ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ባእሲ፣ ምስ መሳቱ ዘይምስምማዕ፣ ኣጸጋሚ ኩነታት ስራሕ፣ ዓቐን ዘይብሉ ናይ ኢንተርኔት ምርኣይ፣ ምስታይ ኣልኮል፣ ምዉሳድ ድራግ፣ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ኽፉእ ግብሪ፣ ወ.ዘ.ተ. ወይ ድማ ንምሳሌ ቆልዓ ኩሉ ጊዜ ዝሓዝን እንተኾነ ወይ ከኣ ምብላዕ እንተኣበየ።

- እታ ስድራቤት ኣብ ኣጸጋሚ ኩነታት እንተሎ (ምፍልላይ፣ ፍትሕ፣ ካልእ ጸገም ስድራቤት፣ ወ.ዘ.ተ.።)

- ቆልዓ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሽግር እንተለዎ (ናይ ምምሃር፣ ትምህርቲ እንተብርትየ ወይ ከኣ ጠባያዊ ሽግር) እሞ እዚ ተፈሊጡ ቆልዓ ሓገዝ ምእንቲ ክረክብ (ስድራን ቤት ትምህርትን ብሓባር እንተ ኣመልኪቶም)

- ኣብ ሓደ ክፍሊ/ ሕንጻ ቤት ትምህርቲ ሽግር እንተሎ (ንምሳሌ ዕግርግር፣ ቀቢላነት።)

ኣብዚ ኣድራሻ ኢንተርኔት ብዝተፈላለያ ቋንቋታት ሓበሬታን ኣድራሻን ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ኣብ ቀረባኹም ትረኽቡ። www.erz.be.ch/spe

ሓደ ሓደ ማሕበራት ዓዲ **ናይ ቤት ትምህርቲ ማሕበራዊ ጉዳይ ሰራሕተኛ** ከምኡውን **ምንጎኛታት** ኣለዉ። ሽግር እንተገጢመኩም ምስ እዚኦም ሰብ ሙያ እውን ክትማኸሩ ትኽእሉ ኢኹም። እዞም ሰብ ሙያ ነቲ ጉዳይኩም ዝተመልከተ ምኽሪ ይልግስልኩም፣ ድልየትኩም እንተኾነ ድማ ነቲ ዝቕጽል ስጉምቲ ንምእላም ይመኽሩኹም እዮም።

ምስ መኻሪ ኣተዓባብያ ወይ ድማ ምስ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ጉዳያት ክትማየጡ ከለኹም ዘድሊ እንተኾይኑ **ተርጓማይ** ክጥለብ ይኽእል እዩ።

ኩሎም ሰብ ሙያ ምስጢር ክሕልዉ ይግደዱ እዮም።

# 7 ከም መጠን ወለዲ ንዓወት ትምህርቲተበርክትዎ

መሰረት ጽቡቕ ምዕባለ ቆልዓኹም፣ ኣብተን ናይ መጀመርታ ዓመታቱ እየን ዝትከላ። ኣብታ ብዝተፈላለያ ቋንቋታት ዝተዳለወት „ንትምህርቲ ብቕዓት“ (*Prêt pour l'école*) ትብል ጽሕፍቲ፣ ንዕለታዊ ኣተዓባብያ ዝምዕዳ ሓሳባት ትረኽቡ። www.erz.be.ch/spe.

ከም መጠን ወለዲ እስኹም ንትምህርታዊ ምዕባለ ቆልዓኹም ክብ ዝበለ ኣበርክቶ ክትህቡ ትኽእሉ።

## ምርኣይ ተገዳስነት

- ምስ መምሃራን ዘለኩም ርክብ ሓብሕቡ ከምኡውን ብዝተኻእለኩም መጠን ኣብ ኩለን ምድላዋት ቤት ትምህርቲ ተሳተፉ። ከምዚ ጌርኩም ንቆልዓኹም ቤት ትምህርቲ ኣገዳሲ ምኻኑ ተርእይዎ። ምስ መምሃራን ምምያጥን ብሓባር ምስራሕን፣ ንቆልዓኹም ብዝበለጸ መገዲ ኣብ ትምህርቱ ንኽምዕብል ይሕግዞ እዩ።

- ቆልዓኹም ኣብ ቤት ትምህርቱ፣ እንታይ ከም ዘጋጠሞን ዝተመሃረን፣ ከም ዝነግረኩም ግበሩ።

## ሓቦ ምሃብን ምድጋፍን

- ቆልዓኹም ድቃስ ጸጊቡን ጽቡቕ ቆሪሱን ከምኡ ድማ ጠዓሞቱ ኣብ ቦርስኡ ተጌርሉ ንቤት ትምህርቲ ከም ዝመጽእ ግበሩ።

- ንቆልዓኹም (ብመኪና) ጌርኩም ንቤት ትምህርቲ ኣይተምጽእዎ። ክሳብ ባዕሉ ነቲ መገዲ ብእግሩ ወይ ብብሽክለታ ክኸይድ ዝኽእል፣ ንቆልዓኩም እንዳሰነኹም ነቲ መገዲ ኣልምድዎ።

- ስራሕ ገዝኡ ከም ዝወድኤን ከምኡውን ንዝቕጽል መዓልቲ ቦርሳኡ ከም ዝቐረበን ተኸታተልዎ።

- ቆልዓኹም ንዘለዎ ክእለት ምምሃር እመንዎ። ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ነገራት ባዕሉ ንኽገብር ሕደግዎ።

- ቆልዓኹም ነቲ ዘርእዮ ጻዕሪ ትምህርትን ኣብ እዋን ሽግር ንዘርእዮ ትዕግስትን ንኣድዎ።

- ቆልዓ ተጋግዩ ኢልኩም ኣይትንቀፍዎ፣ እንታይ ደኣ ምስኡ ብሓባር ኳንኩም ካብቲ ጌግኡ እንታይ ክመሃር ከም ዝኽእል ሕሰቡ።

## ቋንቋን ዉልቃዊ ተሞክሮን ምሕብሓብ

- ካብ ንእስነቱ ጀሚርኩም ምስ ቆልዓኹም ብዙሕ ተዛረቡ። እንታይ ትገብሩ ከም ዘለኹም ንገርዎ ከምኡውን እቲ ንዕኡ ከቢብዎ ዘሎ ዓለም ኣረድእዎ። ተዓጊስኩም ስምዕዎ ከምኡውን ንሕቶኡ መልሲ ሃብዎ። ታሪኻት ንገርዎ ከምኡውን መጽሓፍ ኣንብቡሉ።

- ምስ ቆልዓኹም ሓባራዊ ነገራት ግበሩ። ንምሳለ ምስኡ ኳንኩም ንመካነ እንስሳ፣ ንሙዚየም፣ ወይ ከኣ ተፈጥሮ ክትርእዩ ኪዱ። ብከምዚ መገዲ ቆልዓኹም ብምሉእ ህዋሳቱ ናይ ዓለም ተሞክሮ ክቐስምን ህሉው ርክባት እውን ክርድኦ ይኽእል።

- ምስ ቆልዓኹም ኳንኩም ቀጻሊ ናብ ቤተ መጻሕፍቲ ኪዱ ከምኡውን ንኽንብብ ሓቦ በልዎ።

ብዙሕ ቋንቋታት እንዳለመዱ ዝዓብዩ ቆልዑ

- ምስ ቆልዓኹም በቲ እስኹም እትመልክዎ ቋንቋ ተዛረቡ። ቆልዓኹም ወላኳ ብፈረንሳይኛ እንተመለሰልኩም እውን እስኹም ኣብታ ቋንቋኹም ጽንዑ።

- ቆልዓኹም ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ፈረንሳይኛ ከም ዝመሃር ግበሩ። እስኹምውን ነቲ ቋንቋ ከባቢኹም ድሉዋት ኩኑን ተምሃርዎን። ንቆልዓኹም ኣርኣያ ኢኹም።

- ንቆልዓኹም ናብቲ ቋንቋን ባህልን መበቆል ዓዲ ዝመሃሩሉ ስደድዎ (HSK)፡ ንቆልዓ በቲ ናይ መጀመርታ ቋንቋታት(ቋንቋ ኣደ/ኣቦ) ምሕብሓብ ነቲ ናይ ቋንቋ ምዕባሌኡ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ኣድራሻ ኢንተርኔት „ብብዙሕ ቋንቋ ምዕባይ“ ርኣዩ: www.erz.be.ch/lco

## ምስ ሓደሽቲ ስነ ሜዲያ ዘሎ ርክብ ምዉሳን

ምጥቃም ሓደሽቲ ስነ ሜዲያ (ኮምፕዩተር/ኢንተርኔት፣ ሃንዲ፣ ኢ-ሜይል፣ ቻት፣ ጸወታታት፣ ፌስቡክ፣ ዩ-ትዩብ ወ.ዘ.ተ.) ብዙሕ ኣገልግሎት ንምውሃብ ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ንቆልዑን መንእሰያትን ድማ ዝውቱርን ዕለታዊን ኮይኑ ኣሎ። ተመክሮታት ከም ዘርእዩና፣ ነዘን ሜዲያታት ካብ መጠን ንላዕሊ ኣዘውቲርካ ብምጥቃም ወይ ከኣ ጎዳኢ ንዝኾነ ዕላማታት ክዉዕላ ከም ዝኽእላ እዩ (ሱስ ኢንተርኔት፣ ጸርፊ ብኢንተርኔት፣ ትርኢት ባእስታት፣ ፖርኖግራፍ፣ ወ.ዘ.ተ)። ምስ እዘን ሓደሽቲ ስነ ሜዲያታት ክህሉ ዝግብኦ ሓላፍነት ዘልዎ ርክብ፣ ቆልዑን መንእሰያትን ክመሃርዎ ኣለዎም።

- ቴለቪዥንን ኮምፕዩተርን ኣብ ክፍሊ ቆልዑ ዘይኮነስ፣ ሙሉእ ስድራቤት ኣብ ዝርከቡሉ ክፍሊ ኣንብሩ።

- ቆልዓኹም ኣብ ኢንተርኔት ዝርእዮ ነገራት ተገዲስኩም ርኣይዎ ከምኡውን ዝጻወቶ ጸወታታት ከም ዘርእየኩም ግበሩ፣ እቲ ዝጥቀመሉ መራኸቢ ኣድራሻትን ናይ ዌብ ኣድራሻን እዉን ርኣዩ።

- ምስ ቆልዓኹም ብዛዕባ ምጥቃም ሜዲያታት ሕግታት ኣውጽኡ ከምኡውን ሕጊ እንተዘይተኸበረ ብዛዕባ ዝህሉ ሳዕቤን ተሰማምዑ: ዝጥቀመለን እዋናት ኣብ መዓልቲ/ሰሙን ወስኑ፣ ዝተመጣጠነ ፕሮግራም፣ ጸወታን ኣድራሻ ኢንተርኔትን፣ ኣብ እዋን ምጥቃም ኢንተርኔት ዝርኤ ጠባያት ምሕጋግ።

- ኣብ ፕሮግራማት ቴለቪዥንን ጸወታ ኢንተርኔትን ዘሎ ገደብ ዕድመ ኣስተውዕልዎ።

- ቆልዓኹም ኣብ እዋናት ዕረፍቲ ክገብሮ ዝኽእል መደባት ዕርፍቲ ደግፍዎ፣ ምስ ስድራቤት ወይ ድማ ምስ መዘናታቱ፣ ከምኡውን ቀጻሊ ኣብ ደገ ናይ ኣካላት ምንቅስቓስ ምእንቲ ክገብር ደግፍዎ።

**ብዝተፈላለያ ቋንቋታት ብዛዕባ ምስ ሓደሽቲ ስነ ሜዲያ ዘሎ ርክብ ዝምዕዳ ሓሳባት ኣብዚ ኣድራሻ ኢንተርኔት ርኣዩ**:

www.migesplus.ch« Enfant & santé »
www.addiction-info.ch « Lettre aux parents No 8 »
www.cybersmart.ch

# 8 ማህደረ ቃላት

**ምብኳር**
*Absences*
ምብኳር ኣብ እዋን ትምህርቲ ዘይምህላው እዩ።

**ምኽሪ ሙያ**
*Orientation professionnelle*
ምኽሪ ሙያ ዝህቡ ሰብ ሙያ፣ ንመንእሰያትን ብጹሓትን ሓበሬታን ምኽርታትን ብምልጋስ ነቲ ንዕኦም ዝኸውን ትምህርቲ ሙያ ወይ ከኣ ቀጻሊ ትምህርቲ ንክመርጹ ይሕግዝዎም። እሳቶም ኣብ ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ሙያ ሓበሬታ እዮም ዝሰርሑ። (BIZ / centre OP)

**ምዉሳድ ዕረፍቲ**
*Dispenses*
ምዉሳድ ዕረፍቲ ንቐጻሊ ወይ ከኣ ንውሑ ንዝበለ እዋን ካብ ትምህርቲ ነጻ ምዃን እዩ። ዕረፍቲ ንምውሳድ ኣቐዲምኩም ዝተቐረብኩምሉ ክኸውን ኣለዎ ከምኡውን ብመልክዕ ጽሑፍ ኣብ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ከተመልክቱ ኣለኩም።

**ምኽሪ ኣተዓባብያ**
*Service psychologique pour enfants et adolescents (SPE)*
ሰብ ሙያ ምኽሪ ኣተዓባብያ ንስድራ፣ ንቆልዑን መንእሰያትን ኣሸጋሪ ኩነታት እንተጋጠሞም ይመኽሩ ከምኡውን ነቲ ምኽንያት ሽግር ትምህርቲ የጽንዑ። እሶም ኣብ ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ኣተዓባብያ ይሰርሑ።

**ምምሕዳር ቤት ትምህርትታት**
*Direction de l'instruction publique*
ምምሕዳር ቤት ትምህርትታት ናይ ካንቶን ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ እዩ። እዛ ቤት ጽሕፈት ንመዋእለ ሕጻነትን ቤት ትምህርትታት ማሕበራት ዓድን መድረኽ ተዳሉ ከምኡውን ክፍለ ጊዜ ትምህርቲ ተውጽእ።

**ሰብ ሙያ**
*Spécialiste*
ሰብ ሙያ ንሓደ ዉሱንን ፍሉይን ስራሕ ዝሰልጠኑ እዮም። ኣንስትን ተባዕቶን መምሃራን ንኽምህሩን ክመሃሩን ዝሰልጠኑ ሰብ ሙያ እዮም። ካልኦት ሰብ ሙያ ንኣንስትን ተባዕቶን መምሃራን ከምኡውን ወለድን ኣብ ናይ ትምህርታዊን ኣተዓባብያን ዘለዎም ሕቶታት ይድግፉ። ከም ምሳለ ሰብ ሙያ ምኽሪ ኣተዓባብያ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ማሕበራዊ ስራሕን ምኽሪ ሙያን።

**ማሕበር ዓዲ**
*Commune*
ማሕበር ዓዲ ንኣገባብ ናይ መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ዓዲ ሓላፍነት ኣለዋ። እሳ ነቲ ትምህርታዊ ኢንፍራ ስትራክቸር ተዳሉ: ሕንጻ ቤት ትምህርቲ፣ ኣቕሑት፣ ናውቲ ትምህርቲ። ኣብ ኣድራሻ ኢንተርኔት ወይ ከኣ ኣብ መስኮት ሓበሬታ ምምሕዳር ዓዲ፣ ብዛዕባ ናይ ከባቢ'ኹም ምድላዋት ሓበሬታታት ትረኽቡ።

**መምህር ክፍሊ**
*Maître ou maîtresse de classe*
መምህር ክፍሊ ንትምህርታዊን ኣገባብ ኣሰራርሓን ናይ ሓደ ክፍሊ ናይ ምምራሕን ሓላፍነትን ኣለዎ። እሱ ንመዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ዝምልከታ ሕቶታትኩም ይኹን ጉዳያትኩም መጀመርታ ተማኽርዎ ሰብ እዩ።

**ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ**
Schulleitung / *Direction d'école*
ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ንትምህርታዊን ኣገባብ ስራሕ ቤት ትምህርትን ሓላፊት እያ። ንቆልዑ ኣብተን ክፍልታት ትምድብ ከምኡውን ብዛዕባ ትምህርታዊ ምዕባለ ናይ ምዉሳን ሓላፍነት ኣለዋ።

**ኮሚሽን ቤት ትምህርቲ**
*Commission scolaire*
ኮሚሽን ቤት ትምህርቲ ከምቲ ኣብ ናይ ካንቶን ሕግታትን ናይ ማሕባር ዓድታት ኣገባብን ሰፊሩ ዘሎ መሰረት፣ ቆልዑ ኣብ መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ከም ዝሳተፉ ትቆጻጸር። ካብኡ ሓሊፋውን ንስትራቴጂያዊ ዉሳነታት ናይ ቤት ትምህርቲ ሓላፍነት ኣለዋ።

**ኢንስፐክተር ቤት ትምህርቲ**
*Inspection scolaire*
ኣንስትን ተባዕቶን ኢንስፐክተራት ቤት ትምህርቲ ነተን ናይ ካንቶን መዋእለ ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ይቆጻጸሩ።

**ናይ ቤት ትምህርቲ ስራሕ ማሕበራዊ ጉዳይ/ ሞንጎኛነት ቤት ትምህርቲ**
*Médiation scolaire*
ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ማሕበራዊ ጉዳያት ወይ ከኣ ሞንጎኛታት ቤት ትምህርቲ ቆልዑን መንእሰያትን ንዘጋጥሞም ማሕበራዊ ወይ ከኣ ውልቃዊ ሽግራት ሓገዝ ወይ ከኣ ምኽሪ ይህቡ። ንመምሃራንን ወለድን እውን ይመኽሩ እዮም።


**Mentions légales**

L'école obligatoire dans le canton de Berne
Informations à l'attention des parents
de la partie francophone du canton (édition 2013)
Langue : tigrigna (DM 752038-v1)

Editeur
Direction de l'instruction publique du canton de Berne
Office de l'enseignement préscolaire et obligatoire, du conseil et de l'orientation (OECO)
www.erz.be.ch/ecole-obligatoire, oeco@erz.be.ch

N'existe pas en version imprimée.
Téléchargement : www.erz.be.ch/info-parents



Sources des images :
Les images sont protégées par les droits d'auteur.
Toutes les images sauf celle de la page 1 :
Christoph Heilig | www.foto-heilig.ch
Page 1 : DR